# ጉዕዞ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን
## ኣብ ውሽጢ 14 ዓመታት ምሥረታ
## (21 ታሕሳስ 1995 - 21 ታሓሳስ 2010)

## ፩ይ ምዕራፍ ኤጳርቅና

ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ብኣዋጅ ር. ሊ. ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ ብ21 ታሕሳስ 1995 ካብ ዝምሥረት እኒሆ መበል 14 ዓመት ኣብ 21 ታሕሳስ 2010 ይመልእ ኣሎ። ኣብ ውሽጢዚ ዓመታት ዝተጓነፎ ዓወታትን ዘጋጠሞ ብደሆታትን ብኣሕጽሮት እኒሆ፣



1. እቲ ናይ መፈለምታ ዓወት፣ እቲ ኣቦታትናን ኣደታትናን ዝሓለምዎ ሕልሚ ንሱ ከኣ ጓሳኡ ኣማእኪሉ ብቀረባ ናይ ምጉሳይ ባህጊ ጋህዲ ኮይኑ ብበዓል ሠናይ ዝክፀ ነፍሰ ኄር ብፁዕ ኣቡነ ተስፉማርያም ብደሆ ቀዳማይ ኤጳርቃ ተ- ሚሩ።

2. ምምሥራት ኤጳርቅና፣ ብሕደ ጐኑ ብሥራት እንኪከውን፣ በቲ ሓደ ጐኑ ከኣ ዓቢይ ብደሆ ነበረ፣ ምክፀያቱ ኣዋጅ ምሥረታ እምበር ነቲ መዚ ዝቕበል ዝኮፀ ትሕተ ቅርጺ ኮነ ንኣኡ ዘካይድ መበገሲ ትሕዝቶ እውን ኣይነበረን። ስለዚ ካብዚ ባይታዚ ኪጅምር ግዲ ክንድ ዝነበረ፣ እቲ ቀዳማይ ብደሆ ንሱ ነበረ። ሓዲስ ጵጳስ ምስ መሣርሕቶም ካህናት ፈላሚ ጉባኤ ብምክያድ ቀዳምነታት ሠርዑ፣

2.1 ቀዳማይ ቀዳምነት፣ ኤጳርቅናዊ ቅርጸ ምሕደራ ምሕንጻጽ ንሱ ከኣ፣

- ወኪል ጳጳስ
- መጋቢ ኤጳርቅና
- ሐለቃ ገዳም ንኡስ ዘርኣክህነት ከረን ምምራጽ
- ኣብ ቊምስናታት ናይ ቆመሳት ለውጢ ምግባር

2.2 ካልኣይ ቀዳምነት፣ ግድነታት ኤጳርቅና ምሕንጻጽ፡፡ ኣብዚ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ብምርቋሕ እዚ ዝክፁል መደብ ተመደበ።

- ትሕተ ቅርጺ(infrastructure)ኤጳርቅና ምሕንጻጽ እዚ ከኣ፣
- ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ምሕናጽ
- ካተድራለ ደብረ ቅ. ሚካኤል ምሕናጽ
- መንበሪ ጳጳስን ካህናትን መቀበሊ ኣጋይሽን ምሕናጽ
- መሬት ካተድራለ ደብረ ቅ. ሚካኤል ከረን ከም ዝምለስ ምግባር

- ንገዳም ንኡስ ዘርኣክህነት ዕቱብ ኣቅልቦ ምሃብን መደብ ሥነመዕበያ እዋናውን ውጽኢታውን ምግባር
    - ኣነባብራ ሕይወት ካህናት ምምሕያሽ
    - ሥርዓተ ሊጢርግያ ምሥራቃዊ መልክዑ ዳግም ምልባስ
    - ክካየዱ ዝጸንሑ መደባት ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና፣ መደብ ምዕብልና ደቂ እንስትዮ፣ ናይ ልምዓትን ናይ ሕፁጽ ረዲኤት ምክያድ...ዝብሉን ነበሩ።

2.3 ሣልሳይ ቀዳምነት፣ ሓይሊ ሰብ ምሥልጣን፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ንዝተሰምየ ንምትግባር ግድነታት ኤጳርቅና ውጽኢታዊ ንምግባር ሓይሊ ሰብ ምሥልጣን ናይ ግድን ስለ ዝነበረ፣ ዝተፈላለዩ ሥልጠናታት ብምክያድ፣ መደብ ኣካያይዳ ኤጳርቅና ከም ዝስራዕን ብብቅዓት ከምዝሥርሕን ተገብረ።

ኤጳርቅና ከረን እንኪጅምር በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተሰምዩ ዓበይቲ ብድሆታት ተወጢሩ እዩ - ሚሩ፣ ኣብ ታሪክዐ ኤጳርቅና እተን ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓ መታት፣ እተን ዝከበዳ ዓመታት እያተን።

2.4 ራብዓይ ቀዳምነት፣ ፕሮ- ክታት ምድላው፣ ኤጳርቅና ጸገማቱን ብደሆታቱን ምስ ኣላለየን ንኣባላቱ ዘድሊ ሥልጠና ምስ ሃበን፣ ዝሓንጸጸ ምፍጣር ትሕተ ቅርጺ ከተግብር ፕሮ- ክትታት ናብ ምጽሓፍን ሓገዝቲ ኣብ ምድላይን ተዋፈረ። ኣብዚ ጊዜዚ በቲ ሓደ ጐኑ ናይ ጭንቅን ወጥርን ሁመት፣ በቲ ካልኣይ ጐኑ ካአ ንሕን ቈራጽነትን ዝዓብለሎ፣ ንመጻኢ ኤጳርቅና ብሩህ መጻኢ ዘማዕደወ ሥርወ ሓሳብን ተፋጢጡ ከሎ፣ ክርሳዕ ዘይብሉ ገለ ግዱሳት ሰባት ብዘርኣክህነት ከረን ዝሓለፉ እሞ ሞያ እጥርዮም ዝነበሩ ክቡር ዶ/ር ዘርእማርያም ፍረ ኣብ ኤጳርቅና ብምምጽእ ኣብ ምፍጣር ትሕተ ቅርጺ ብዘለዎ ሞያን ምስ ገበርቲ ሠናይ ብዘለዎ ሌላን ኣበርክቶኡ ብተደጋጋሚ ብምውፋይ፣ ነቲ ዝነበረ ብድሆን ወጥርን፣ ናብ ራህዋን ራእይን ከም እንቅይር ዝገበረ በዓል ሠናይ ዝክፀ እዮም እሞ በዚ ኣጋጣሚ ልዑል ምስጋናይ ብስም ኤጳርቅና ኣቅርበሎም።

2.5 ሓምሻይ ቀዳምነት፣ በዚ ሰዊድና ከኣ ንሓዲስ ሕንፃ ካተድራል ደብረ ቅ. ሚካኤል ተሓዚኡ ዝነበረ፣ መሬት ብ1998 ናይ ሕንፃ ሥራሕት ተ- መረ።

2.6 ሳድሳይ ቀዳምነት፣ መደብ ምውጻእ ገንዘብ፣ ዝተመደበ ናይ ሕንፃ ሥራሕ ኪሥራሕ ብቀዳምነት ሕንፃ ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ተ- መረ፣ እዚ ተርእዮዚ ንከኹሎም ምእመናንን ቤተ ክህነትን ፍናንን ኵርዓትን ዝተሰምዓሉ ፍሉይ ጊዜ ነበረ። ጐኒ ንጐኑ ከኣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝረከቡ ደቂ ኤጳርቅናን ካልኦት ፈተውቲ ኤጳርቅናን ንመደባት ሕንፃ ካተድራል ኪዕጠቁ ጐስጓስን ውደባን ተገበረ። ኣብዚ ሁመት እዚ ብበዓል ሠናይ ዝክፀ ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ዝተፈላለይ ዑደት ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ኣብ ኣፍሪቃን ኣካየዱ፣ ውጽኢት ዑደቶም፣

- ምእመናን ብምውዳብ ኣበርክቶ ከም ዝገበሩ
- ሰብ ሞያ ብሞያኦም ክሕግዙ ንዝብሉ ቀዳማይ ደረጃ ዝኮነ ሥርርዕ ገብሩ።

ኣብዚ ብፍሉይ እንዝክሮም፣ ኣርኪተክት ጋሻው ብላታ ተስፋሚካኤል ኣድጎይ እዮም፣ ንሶም "ኣነ ብሞያይ ከበርክት እየ" ብዝበልዎ ኣብ ኢትዮጵያ ከለው - ሚሮም ኣብ ምንዳፍ ዲዛይን ኣበርክቶኦም - መሩ፣ ደሓር እውን ካብ ኢትዮጵያ ተሰጕጎም ኣብ ኣሥመራ ቤት ጽሕፈት ምስ ከፈቱ ነቲ መብጽዓዖም ብምቅጻል፣ ነዚ ሎሚ ተሓኒፁ ዘሎን፣ ክሕነጽ ኣብ መደብ ንዘሎን ብውሕሉልን ዘመናውን ቅዲ ክውን ንኪኸውን ብዘይካ እቲ ግድነት ዝኮነ ወጻኢታት ንካልእ ብነጻ ብምግባር ካብቲ ዓብይ

ምጽንናዕን፣ ነቲ ዝነበረ ብድሆታትን ዘቃልል ዓቢይ ኣብነትን ሓገዝን ዝኮነ እዩሞ፣ ብስም ኤጳርቅና ኣምላክዐ ይባርኮም እናበልኩ ልዑል ምስጋናይ ኣቅርበሎም።

ምስዚ ብተወሳኪ ኢንጅነር ሚካኤል ጸጋይ (ተመሃራይ ዘርኣክህነት ዝነበረ) ቤተ ክርስቲያነይ እዩ ብምባል ብተመሳሳሊ መንገዲ ከም ማነጅመንት ኮንሳልታንት ክስብ ሕጂ ብዝነኣድ ኣበርክቶኦም ዝህቡ ዘለዉ በዓል ሞያ እዮም እሞ፣ ብስም ኤጳርቅና ልዑል ምስጋናይ ኣቅርበሎም።

## 2.7 ሻብዓይ ቀዳምነት፣ ንዝጸንሑ መደባት ምቅጻል

ኣገልግሎት ክህቡ ዝጸንሑ መዳባት እዞም ዝስዕቡ እያቶም፣

- ጉስነታዊ መዳያት (pastoral)
- ክፍሊ ትምህርቲ
- ክፍሊ ጥዕና
- መማዕበሊ ደቂ ኣንስትዮ ነበሩ። ንክፍሊ ትምህርትን ጥዕናን ዝርኢ ብሃገር ደረጃ ዝካየድ ብዝነበረ መደብ ተታሒዙ ስለዝነበረ ፍሉይ ጸገም ኣይነበሮን።

⇒ ኣብ ጉስነት ነፍሳት ብዝርኢ ግና እዚ ዝስዕብ ብደሆታት ነበረ።

- መማህራን ትምህርተ ክርስቶስ ብግቡእ ምቅራብ
- ኣብ ቊምስናታት ግቡእ ቤተ ቆመስ ከምዝህሉ ምግባር
- ኣብያተ ክርስቲያናት ኮነ ቤተ ጸሎታት ንዘይነበሮ ከምዝሕነጽ ምግባር ዝብሉ ነበሩ።

⇒ ኣብ ማሕበራዊ ነገራት ከኣ፣ ጸገም ዝስተ ማይ ምቅላል

⇒ ኣብ ሕርሻ ናይ ዘርእን ምዃፅን ሓገዛት ምብርካት ... ወዘተ ነበሩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ሽግራት ኮኑ ብደሆታት መደብ ተገይርሉ በብእዋኑ ከምዝፍታሕ ተገይሩ። ኤጳርቅና ኣብ ከምዚ ኩነታት ተሸሚሙ ከሎ ተወሳኪ ከቢድ ብደሆ ዘጋጠመ ግና፣ ምክያድ ላዕለዋይ ትምህርቲ ፍልስፍናን ተሎጊያ ኣብ ዓቢይ ዘርኣክህነት ኣሥመራ ነበረ። እዚ ክከውን ዝከኣለ እቲ ኣብ ዓቢይ ዘርኣክህነት ኣሥመራ ናይ ፍልስፍናን ተሎጊያን ትምህርቲ ክህብ ዝጸነሐ ኢንስቲትዩት ኣብ ካተድራለ ብምቅያር፣ ኤጳርቅና ከረንን ባረንቱን ከኣ ኣብኡ ክከዉ ዘይሰመሩሉ ነጥብታት ስለዝነበረ፣ ኣብ ዓ ቢይ ዘርኣክህነት ኣሥመራ ናይ ፍልስፍናን ተሎጊያን ትምህርቲ ክህቡ ግዲ ክንድ ዝነበረ፣ ካህናት ኤጳርቅና ከረን ተሪር ብደሆ ኣጋጠሞም። ምስቲ ኣብ ላዕሊ ዝሰመናዮም ዓበይቲ ብድሆታት ነዚ ወሲኽዎ ብሓቂ ዓቢይ ፈተና ነበረ። እንተኮነ ንዝነበረ ሓይሊ ሰብ ኣወሃሂድና ነዚ መደብ እዚ እውን ክውን ከም ዝከውን ተገብረ፣ ንሸውዓተ ዓመት ዝኣክል ብጽቡቅ ቀጸለ፣ ድሕሪ ናይ ዓመታት ክትዕን ዘተን ኣብ ምርድዳእ ስለ ዝተበጽሐ ኩሉ ላዕለዋይ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብሕብረት ከም ዝካየድ ተገብረ። ኣብዘን ሸውዓተ ዓመታት ጉዕዞ ኤጳርቅና ከምዚ ነበረ፣ እዘን ዓ መታት እዚኣተን ናይ ፈተናን ጽንዓትን፣ ብሩህ መጻኢ ኤጳርቅና ዝተነጸረልን ዘመን ነበራ።

፬ይ ምዕራፍ ጉዕዞ ኤጳርቅና፣

ብጸጋ እግዚኣብሔርን ብሓልዮት መንበረ ጴጥሮስ ኮኾሓ ሃይማኖት ከኣ በዓይ ሠናይ ዝክፀ ዝኮ፬ ቅዱስ ኣቦና ር.ጳ. ዮሓንስ ጳውሎስ ዳግማዊ፦ ካልኣይ ጳጳስ ኤጳቅና ከረን ብ2 መጋቢት 2003 ሰየሙልና። ኤጳርቅና ዳግም ብሓጐስ ተደቢሱ፣ ኣብዚ ሁመት እዚ፣ እዚ ዝስዕብ መደባት ተሓንጸጸ፣

- ቤት ጽሕፈት ኤጳርቅና ተሪፍዎ ዝነበረ ናይ ሕንፃ ነገራት ከም ዝማላእ ተገይሩ ብጥሪ 2004 ኣገልግሎት ክህብ - መረ፣ ቀዳማይ ዓወት ኤጳርቅና ኮነ።

- መኣከቢ ኣዳራሽ መሠረት ጥራሕ ተመልኪትሉ ዝነበረ ከም ዝቀላጠፍ ተገይሩ ኣብ 2005 ተዛዚሙ ኣገልግሎት ከም ዝህብ ኮይኑ።

- ሕንፃ ካተድራለ ትሕተ ምድሪ ኣዕኑድ (underground) ጥራሕ ተፈጺሙ ዝነበረ ሥራሕ ብምቅጻል ክሳብ 2005 ኣብ ኣጋ ምክፀን በጽሑ ከሎ፣ መንግሥቲ ብዘውጽኦ መምርሒ መሠረት ተቋሪጹ ክሳብ ሎሚ ሥራሕ ዳግም ክጅምር ብተስፋ ይጽበ ኣሎ። ከም መደብ ኤጳርቅና እንተ ቀልጠፈ ኣብ 2009 እንተደንጐየ ከኣ ኣብ 2010 ኪምረቅ ነበረ፣ እንተኮ፬ ሰብ ይእምም እዝጊ ይፍጽም...

- ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ብዙሕ ዓድታት ቤተ ክርስቲያናት ኣብያተ ጸሎታት ኣብያተ ትምህርቲ፣ ማእከል ጥዕና፣ ናይ ማይ መደባት...ተሓነጹ፣

- ሥሩዕ ምልመላ መማህራን ትምህርተ ክርስቶስ ተካፀዱ /ይካየድን ኣሎ፣

ኣብዚ ካልኣይ ምዕራፍ ጉዕዞ ኤጳርቅና ኣብ መንነቲ ብዙሕ ንጥፈታት ጐሊሑ ዝርኤ፣ ብፍላይ ኣብ ኣመሪካ፣ ብመጠኑ ከኣ ኣብ ክናዳን ዝተገብረ ውደባን ዝተረክበ ኣበርክቶን እዩ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ኣብ 2003 ከማኡ ኣብ 2006 ጳጳስ ኤጳርቅና ዑደት ብምግባር ከም ዝብገስ ተገብረ።

ነዚ መደብ እዚ ምሉእ ጊዜኡ ዝወፈዩን ብኀሊናን ብግብርን ብነጻ ድላዮም ነቲ መደብ ክውን ኪገብርዎ ዝተዓጥቁን ዝተወፈዩን ክቡር ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ ነበሩ፣ ንሶም ከይተሓለሉ፣

1. ንሕንፃ ካተድራለ ቅ. ሚካኤል ከረን ዕዉት ንምግባር ወፍሪ ብምምዳብ ንከ፴ሎም ዘነቃቅሑን ደከ፴ም ከይበሉ ነቲ ናይ ሰለስተ ዓመት መደብ ምውዳእ ክሳብ ፍጻሜ ኣብጽሑን፣

2. ቀጺሎም ርእሰ-ምርኮሳ ኤጳርቅና ንዝብል መደብ ብምሕንጻጻ ብዕቱብ ብምሓዝ ንኤጳርቅና ዘኮ፫ዕ ተግባር ዝፈጸሙን ገና ዝሰርሑሉ ዘለዉን መደብ እዩሞ፣ ብስም ኤጳርቅና ዝለዓለ ምስጋና ኣቅርበሎም።

ብተመሳሳሊ ኣብ ኤውሮጳ እውን ብፍላይ ኣብ - ርመን ክቡር ኣባ ዮሴፍ በየድ ንሕፀት ካተድራለ ብዙሕ ዝጸዓሩን ዝጽዕሩ ዘለዉን እዮም እሞ ንኣታቶም እውን ብልቢ ኣመስግን።
ከማኡ ክቡር ኣባ ሃብተልዑል ገብራይ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝጸንሑሉ፣ ካብ ኢጣልያን ስዊዘርላድን ንካተድራለ ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ እዮም እሞ ልባዊ ምስጋና ይብጻሓዮም። ኣብ ካናዳ ኣቶ ግንቦት ተስፋሚካኤልን ባህልቢ ተኸለን ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ እዮም እሞ ልባዊ ምስጋና ይብጻሓዮም።

- ብካልእ መዳይ ከኣ ከየመስገንክዎም ኪሓልፍ ዘይደሊ ከኣ
- ኣባ ንጉሠ ፍሰሓ
- ኣባ ዓውተ ወልዱ
- ኣባ ገብርኤል ወልዳይ
- ነፍሶም ይምሓር ኣባ ተክለዝጊ ዑ/ገርጊሽ እዮም፣

ኣብ መደብ mission appeal እኛም ዘበረከቱ እዮም እሞ ኣምላኽዐ ይባርክዑም እናበልኩ ድሙቅ ምስጋናይ ይብጻሕኩም።

- ዲያቆን ህዩ ዶውኒ፣ ብፍሉይ ከም Lalmba Association
- ኣብ ቤት ጽሕፈት ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን ክኢላታት ብምስዳድ
- ኣብ ምክያድ ኣብያተ ትምህርቲ ቍጠባዊ ሓገዝ ብምግባር
- ኣብ ምእላይ ዘክፁማት ኣበርክቶ ዝገበሩን ዝገብሩ ዘለዉን ልባዊ ምስጋና ይብጸሓዮም።

ኣብ መንፈሳዊ መዳይ እዞም ዝስዕቡ ዕማማት ተካፂዶም፣

1. ፈለምቲ ምሥጢራት ከም ልምዲ ምሥራቃውያን ንሕገ ቀኖና ዘምሥራቅ ኣብያተ ክርስቲያናት ብዝእዝዞ መሠረት ከምዝወሃቡ ተገይሩ፣
2. ኣገባብ ሥርዓተ ቅዳሴ ከምቲ መጽሓፍቲ ሊጡርግያ ዝእዝዞ ከምዝግበር ኮይኑ፣
3. መጽሓፈ ቅዳሴ ብብሊንን ግእዝን ምስ 18 ኣኰተተ ቍርባናት ተሓቲሙ ኣብ ኣገልግሎት ይርከብ።

ነዚ ከሉ ድሕሪ ምርኣይ ሎሚ ነዚ ጉባኤ ኤጳርቅና ጸዊዕና ንመጻኢ ከመይ ዝበለ መደብ ክንገብር ንክእል ቢልና ክንዝቲ ኢና ንእከብ ዘሎና እሞ ኣምላኽዐ ብብርሃን ጸጋ መንፈስ ቅዱስ የብርሃልና።

# "ነታ ቤት ኣምላኽ ስርሕዋ"

ቅድሚ 50 ዓመት ኣቢሉ ዚተጀመረ ጉዕዝ ስራሕ ቤተ ክርስትያን ቅ. ሚካኤል ከረን ኣብ መደምደምታ ምእንቲ ኪበጽሕ ዘይሕለል ጻዕሪ ይካየድ ኣሎ።

ከቢድ ጻዕሪ: ብዙሕ ድኻም: ነውሕ ጉዕዞ ድኣ ይኹን እምበር፡ ብሓይሊ ኣምላኽ እታ ቤት ኣምላኽ ከም እትስራሕ ርግጽ ኢዩ።

መስዋዕቲ ቅዳሴ: እወ: ክቡር ስጋን ደምን ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታናን ኣምላኽናን እንስውኣሉ: ኣብ ዳስ: ኣብ ጸሓይ: ኣብ ደሮና ኮይኑ ኣሎ። ደጊም ይኣክል ንበል ሓቦ ንግበር ኣብ ዝቀረበ እዋን ክትውዳእ ኩልና ንተዓጠቅ።



ትስራሕ ዘላ ቤተ ክርስትያን
ቅ. ሚካኤል ከረን

1953 ክትስራሕ ተሓሲቡ

1965 እምኒ መሰረት ተቀሚጣ

1997 ስራሕ ተጀሚሩ

2010 ተወዲኣ ክትምረቕ ንሓግዝ!

ነቲ እግዚኣብሔር ኣብ ትንቢት ሃጌ 1:8 "ነታ ቤት ኣምላኽ ስርሕዋ ኣነ ድማ ብኣኣ ክሕጎስን ክኽብርን ኢየ" ዝበሎ ሕያው ቃል ንስምዓዮ እሞ ብሓቦን፡ ቆራጽነትን፡ ተወፋይነትን ነዛ ቤት ኣምላኽ ንስርሓያ።

ኣዕንትና ንመወዳእታ ጊዜ ምስ ተዓመታ፡ ኩሉ ኣካላት ሰውነትና ምስ ዘሓለ፡ ካብዛ ዓለም እዚኣ ብሞት ምስ ተፈለና፡ ስጋናን፡ ንብረትናን፡ ሃብትናን፡ ኩሉ ገዲፍናዮ ክንሰናበት እና።

እወ: ኩሉ ኪሓልፍ ኢዩ፡ ጽቡቕ ግብርና ግን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሕያው ዘለዓልማዊ ኣምላኽ፡ ከም ሓውልቲ ተተኺሉ ኪጸንሓና ኢዩ።

ዶ/ር ኣሚነ ኪዳነ

# Pastoral challenges and role of priesthood in our time

## Abba Meconen

**1.1 Introduction:** A quick glimpse into Church history reveals that the Church always had to contend with challenges both from inside and outside. Though the challenges are similar, since the beginning we read in each period "the challenges of our new era or modern times". We will see some of the main challenges (heresies, persecutions, separations) in the life of the Church and the solutions that It is enough to read the recommendations of each council, encyclicals, apostolic exhortations and letters.

**1.2 Some of the challenges** of the 21st century therefore can be schematized in the following way:

CHALLENGES

- External
  - Secularization, agnosticism and relativism
  - Ethical/Moral issues
    - Abortion
    - Euthanasia
  - Mass media against Christian values
- In between
  - Family problems
    - Divorce and Cohabitation
    - The same sex marriage
    - Contraceptives and HIV/AIDS
- Somehow internal
  - The problem of sects (Pentecostals) and Muslim proselytism
- Internal
  - Ignorance and indifference
  - Scandals and poor quality of pastors
  - Lack of laity's role, of understanding the youth and not involving them
  - Gender issues

**1.3 The Role of Priesthood** in our time: There is no another image for priesthood than that of Christ. He came:

- To serve not to be served (Mk 10:45)
- To be a prophet, a king and a healer
- To give His life for His sheep for He is the Good Shepherd (John 10:10)

❖ We need priests:
- That pastor the faithful after God's heart, "I will give you shepherds after my own heart" (Jer. 3:15)
- Those are open to share pastoral work with laity, especially youth.

- Those are well prepared and equipped with all necessary means to deal with the above challenges.

❖ Ongoing formation:

- For updating their ecclesiastical knowledge
- For training them on modern technology (communications) to use them in their ministry

**1.4** The pastoral methodologies that we learn from past:

- St. Giustino De Jacobis and the Lazarists
- Padre Michele da Carbonara and the Cappucins
- Abune Abraha: parish schools and catechists
- The role of Inatietat
- From the erection of the Eparchy of Keren onwards

1.5 **Way forward**: Recommendations and Pastoral plan for the Eparchy and for the pastoral care of the faithful in Diaspora.

# ሓዋርያዊ ተልእኮ ኣብ ሃገረ ጀርመን

ሃገረ ጀርመን ዓዲ ክርስትና ብምዃኑ ንምእመናና ንዝወሃብ ሓዋርያዊ ተልእኮ ካብቲ ዝተረኽበ ተመኩሮ ምንም ክብደት ከም ዘይገበረሉ ዝምስክር'ዩ። እዚ ማለት ንካቶሊካውያን ዝኾኑ ምእመናና ኣብ'ቲ ዘዘሎዉዎ ሰበኻታትን ቊምስናታትን ተወሃሂዶም ግዴኦም ከበርክቱን መሰሎም ከረኽቡን ንኽየርከቡ ዝተዓጽወሎም ኣፍደገ የለን። እኳ'ድኣ ብዕሊ ብቋንቋ ሃገሮምን ብሥርዓተ ኣምልኾ ቤተ ክርስትያኖምን ንመንፈሳዊ ሕይወቶም ከም ዘደልድሉ ባይታ ተጠጢሑሎምስ ዝጓስዩ መንፈሳውያን ላእካነ ወንጌል ተዋሂቡዎም ይርከብ። ዝተራእየን ዝርኤን ዘሎ ፍርያት ኸዓ ብሸለልትነት ዝርኤን: ብቀሊሉ ዝግመትን ኣይኮነን።

እቲ ፍርያት ቀጻልነቱ ኣብ'ዚ ዝዓብን ዝውለድን ዘሎ ሓዲስ ወለዶ ከመሓላለፍ ንምእንቲ ክርከብ ኸዓ ከም ሓናጺ ጐኒ ኹይኑ ክጥረ ዘሎዎ ነገር እንተሃልዩ መንነታዊ መንፈሳዊ ጥበብ ጥራሕ ከኾስኰስ ከም ዘሎዎ ኢና እነተሓሳስብ።

ምስ መበቊል ትውልዲ ሃገርካን መንፈሳዊ ኤጳርቅናታትካን ሰንሰለታዊ ርክብ ንኽድልድል ክግበር ዝኽእል ኣብ'ቲ ዘዘሎኻሉ ማሕበረ ሰብን ማሕበረ ክርስትናን ሓላፍነታዊ ኢድካ ተንብር እንተኹንካ ብምዃኑ ኣብ ጀርመን ዝሰላሰል ሓዋርያዊ ተልእኮ ኸዓ ኣብ'ዚ ኩነት'ዚ ዝተመርኰሰ ኰይኑ ገና ብዝያዳ ንጹር ኰይኑ ንኽዓቢ ንዘይተበራበሩን ንዘይተግነዘቡን ምእመናን እግዚኣብሔር ኣብ ምኹስኳስ እንርከበሉ ብፍላይ ኩነታት መንእሰያት ከም ወራሲ ዜጋ ኰይኑ ዝርኤን ተስፋ ዝተነብረሉን ዓይኑ ኣብ ምኽፋት ማለት ስምዒት መንፈሳዊ ባህሊ ትውልዲ ቦታ ወለዱን እናበርትየን እናተፈትዎን ይኽይድ ከም ዘሎ ጭብጢ ዝኾነ ርኡይ ተስፋና'ዩ።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ
ካብ ጀርመን

# ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ ስደተኛታት

1. ሓፍሻዊ ርድኢት ብዛዕባ ስደተኛ
2. ናይ እዋና ስደተኛታት ኣብ ዓለም
3. ኤሪትራዊ ስደተኛ
4. ትምህርትን ተራን ቤተ ክርስትያን ኣብ ስደተኛታት

## 1. ሓፈሻዊ ርዴኢት ስደት

ሕይወት ደቂ ሰብ ካብ ፍጥረት ጀሚሩ ስደት ክፍሊ ሕይወቱ ገርዎ ይነብር። ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰብ ብፍላይ ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ዚነበረ እዋን ደቂ ሰባት ብሓበራን ብግልን ይስደዱ ከም ዚነበሩ ኣብ ታሪኽ ነንብብ። ኣብርሃም ኣቦ እስራኤላውያን ካብ ባቢሎን ንምድረ ከንኣን ከም ዜተሰደ እሳራኤላውያን ንምድረ ግብጺ ከም ዚተሰዱ ከምኡ በብእዋኑ ብሰንኪ ወረርቲ ወይ ደርቂ ይስደዱ ከም ዚነበሩ ቅደስ መጽሓፍ ይነግረና።

ኣብ ሃገርና እውን ሕዝቢ ካብ ሰሜን ንደቡብ ካብ ደቡብ ንሰሜን ይስደድ ከም ዝነበረ ታሪኽ ይነግረና። ኣብዚ እዋና እውን ብብዝሒ ስደት ዜተራእየሉ እዋን ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ካብ ኤውሮጳ ብሰንኪ ውግእን ቁጠባዊ ጸገማትን ብዙሓት ንኣመሪካ ከምተሰዱ ናይ ሓጽር እዋን ተመክሮ እዩ። ኩሉ ዚስደድ ዝበለጸ ሕይወት ክረክብ እየ ዚብል። ገለ እዋን እዙ ተስፋ ክዉን ክኸውን ይኽእል ገለ እዋን ግን ዚገደደ ክኸውን ይክኣል። ብዙሓት ብፍላይ ቀዳማይ ወለዶ ብባህሊ ቋንቋ ዓለትነት ከቢድ ጸገም ይረኽቡ። ኣብ ዘይትፈልጦ ዓድን ሃገርን ገለ እዋን ካብቲ ኣብ ዓዲ ዜሓደግካዮ ጸገማት ዝኸበደ ክኸውን ይክኣል።

## 2. ናይ እዋና ስደት።

ኣብዙ መበል 21 ክፍለ ዘመን ብብዜሒ ስደተኛታ ዚረኣዩሉ ዘለዉ ሰባት ብርቱዕ ጸገማት ከም ዜጓነፎም እሞ ከም እንስሳ ዚቕጽሩሉ ዳርጋ ናይ ግልያ መልክዕ ብዝተሓደሰ መንገዱ ከም ዜካየድ ኢኻ እትርኢ። ብፍሉይ ካብ ኣፍሪቃ ንኤሮውጳ ከምኡ ካብ ኣስያ ንኣመሪካ ከምኡ ኤውሮጳን ኣውስትራልያን ዚውሕዝ ዘሎ ሕዝቢ ንመራሕቲ ሃገራት ዓለም ዳርጋ ክቆጻጸርዎ ዘይክእሉ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ገለ ክፍለ ዓለም ብፍላይ መንእሰያት ዝሓሸ ሕይወት ክረኽቡ ብማለት ዓዶም ሓዲጎም ኣብ ዚገደደ ፈተናን ጸገማትን ይኣትዉ ከም ዘለዉ ብሩህ መረዴኢ ናይ ኣሕዋትና እዩ። ኣብ ምሉእ ዓለም ከም ደቂ ዛግራ ፋሕ ኢሎም ዚተፈላለየ ጸገማት የሕልፉ ከም ዘለዉ ባዕልና እንምስክሮ እዩ። እዙ ንኣና ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩሉ ሕዝቢ ሳልሳይ ዓለም እዩ ዚርከብ።

## 3. ኤርትራዊ ስደተኛ

ናይ ደቂ ሃገርና ስደት ኣብ ክልተ ክንመቕሎ ይክኣል።

1. ስደት ቅድሚ ነጻነት
2. ስደት ድሕሪ ነጻነት

1. ቅድሚ ነጻነት ብተደጋጋሚ ዚወረደ ደርቅን ዓጸባን ከምኡ መግዚእቲ ክጻወር ስለ ዘይከአለን በብእዋኑ ብዙሕ ሕዝቢ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ተሰዱዱ።

2. ድሕሪ ነጻነት እውን ምስ ኢትዮጵያ ብዜጋጠመ ናይ ውግእ ግርጭትን ጸገማትን ብዙሕ ሕዝቢ ተሰዲዱ። ሓደ ፍሉይ እንርእዮ ዝንኣድ ጠባይ ስደተኛ ኤሪትራዊ ኣብ ዚኸደ ከይደ ሃገሩ ኣይርስዕን እዩ።

ቤተ ክርስትያን ብወገና ነዙ ካብ ዓዱ ርሒቑ ዚርከብ ሕዝቢ ክትንሲ ክትሓቑፍ ግቡእ እዩ። መንፈሳዊ እምነትን ባህልን ሓልገት መለለይና ኮይኑ ኩሉ ጊዜ ክንሕልዎን ናብ ነኣሽቱ ደቅና ክነመሓላልፎን ንሕና ካብ ሃገርና ወጺእና ዘሎና ሓልፍነት ኣሎና።
ፍቕሪ መለለይና ገርና ክንተሓቛቖፍ ክንተሓጋገዝ ናይ ኩልና ሓልፍነት እዩ። ዓደይ ሕዝበይ ዘይብል ኣይወለድ ከም ዚብሃል ናይ ኩልና ሓልፍነትን ተልእኮን እዩ እሞ ነቒሕና ንተሓጋገዝ።

## 4. ቤተ ክርስትያንን ስደተኛታትን

ኢየሱስ ምድራዊ ሕይወቱ ብስደት ጀሚርዎ ብስደት ወዱእዎ። ብንእስነቱ ብሰንኪ ሄረደስ ንግብጺ ተሰዱደ ኣብ ዓዱ ምስ ተመልሰ ንሓቂ ስለ ዜሰበኸ መራሕቲ ሃይማኖትን ሃገርን ኩሉ ጊዜ የሳድድዎ ነሮም ኣብ መጨረሻ ኸአ ኣብ መስቀል ቀቲሎሞ።

ቤተ ክርስትያን ሕይወታ ብስደት እያ ጀሚራቶ። መምህራ ክርስቶስ ናብ ኩሉ ዓለም ከይኹም ስበኹ ዚብል መምርሒ ገይሩ ኣብ ስብከት ኣብዚወፈረትሉ እዋን ብዙሓት ንእምነታን ትምህርታን ስለ ዘይተቐበሉ ኣሳዲዶማ። ብፍላይ እተን ቀዳሞት 300 ዓመት ብስደት እየን ሓሊፈን። ኣብ ኩሉ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን በብእብእዋኑ ዚተፈላለየ ታሪኽ ሓሊፉ ሎሚ እውን ኣሎ።

ቤተ ክርስትያን ካብ መጀመርታ ብስደተኛታት ምስ ተገደሰት እያ። መሰል እምነቶም ንጻነት ሕይወት ደቂ ሰብ ክሕሎ ኩሉ ጊዜ ትጣበቕ። በብእዋኑ ዚተፈላለየ መምርሕን ሓበረታን ተውጽእ። ኩሉ ሰብ መሰል እምነቱ ባህሉ ፖሎቲካዊ ነጻነቱ ክሕሎ ደጋጊማ ተስተምህር።

ኣብዙ እዋን ኣብ ምሉእ ዓለም ብፍሉይ ንስደተኛታት እትሓሊ ተስፋ ሕይወቶም እትኾኖም ቤተ ክርስትያን እያ። ቤተ ክርስትያን እምብኣር ኣደ ሓቛፊት ተስፋ ናይ ኩሉ እያ። ነዙ መንፈስ ሒዛ ንኹሎም ስደተኛታ ተስፍኦም ጸግየም ኮይና ትርከብ።

ሎሚ ንሕና ነዙ ክንሓስብ ከሎና ካብ ሃገርና ውጺእና እንርከብ ፍሉይ መልእኽትን ተዘክሮን ኣልዎ። ኣብዙ ስደተኛ ዜኾነ ሕይወትና ወዲእና ሓደ መዓልቲ ኣብቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ክንከይድ ኢና ስለዚ ጉዕዝ ስደትና ምስቲ ክርስቶስ ዚደልዮ ሕይወት ሓደ ገርና ንጉዓዝ።

ጠበቓ ስደተኛ ዚኾነት ማርያም ከምቲ ምስ ወዳ ኣብ ስደት ኣብ መድረ ግብጺ ዚነበረት ብተስፋ ከዓ ትጉዓዝ ዚነበረት ሎሚ እውን ተስፋና ኮይና ብኹሉ ንወዳ እነሓጉሰሉ ጸጋ ተማልደልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ
ሲያትል (ኣመሪካ)